TIGRINJA

# ናብ ኖርወይ እንቋዕ ብሰላም መጻእካ



Bufetat

# ናብ ኖርወይ እንቋዕ ብሰላም መጻእካ

ሕጂ ኣበይ ከምዘለኻን ሎሚ መዓልቲ እንታይ ይጽበየካ ከምዘሎን ክትፈልጥ ትደሊ ትኸውን፡፡
ኣብዚ መደበር ፖሊስ ዑቕባ ኢኻ ትሓትት፡፡እዚ ቤት-ማእሰርቲ ኣይኮነን፡፡. ሎሚ ጽንሕ ኢልካ ምስ ካልኦት ህጻውንቲ ናብ እትነብረሉ ገዛ ክትከይድ ኢኻ፡፡. እዚ omsorgssenter.





መእለዪ ማእከል ተባሂሉ ይጽዋዕ።.
እዚኦም መሓመድን ሶፍያን እዮም። ብዘይ ወለዶም እዮም ናብ ኖርወይ መጺኦም። ኣብ ሓደ omsorgssenter መእለዪ ማእከል ክቐመጡ እንከለዉ መሓዙት ኮይኖም።.

**ውሑስነት ክስመዓካ መሰልካ እዩ።.**



– ኣብ ኖርወይ እንዳ ፖሊስ ምስ መጻኹ ፈሪሐ ኔረ።
– ኣኖ ኾላይ።. ኣብ ጉዕዞ ስደት ዝቋየቖን ርጉም ዝኾነ ፖሊስን ጎኒፉኒ ኔሩ።

ብዙሓት ህጻውንቲ ንፖሊስ ይፈርሑዎም እዮም። ገሊኦም ኣብ ካልኦት ሃገራት ፖሊስ ሕማቑ ኣተሓሕዛ እዩ ይገብረሎም ኔሩ።. ገለ ከኣ ብፖሊስ ተሃሪሞም ወይ ድማ ንቆየቋ ዝተቓልዑ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።
ኣብ ኖርወይ ፖሊስ ክሃርሙ ሕጊ ኣይፍቀደሎምን እዩ፡ የግዳስ ብኽብሪ እዮም ዝሕዙኻ።.
እቶም ሎሚ ዝረኽቡኻ ዓበይቲ ሰባት ዓቕሞም ዘፍቅዶ ውሑስነት ከምዝስመዓካ ክገብሩ ክጽዕሩ እዮም።.

**ዝኾነ ሰብ ንዓኻ ክሃርመካ ኣይፍቀደሉን እዩ።**

# ሎሚ መዓልቲ ምዞም ዝስዕቡ ክትራኸብ ኢኻ



**እቲ ፖሊስ**
ጉዳይ ዑቕባኻ ፖሊስ ክቐበሉዎ እዮም፡ ከምኡውን ሎሚ መዓልቲ ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ ከዘራርቡኻ እዮም።

ፖሊስ ንዓኻ ኢሎም እዮም ኣብዚ ዘለዉ።

**ኣተርጓሚ**
ዝተዘርበ ዘበለ ኣተርጓሚ ናብ ንስኻ ትርድኦ ቋንቋ ከቶርጉመልካ እዩ፡ ከምኡውን ንስኻ ትዛረቦ ዘበለ ናብ ኖርወየኛ ብምቱርጓም መዛርብትኻ ከምዝርድኡኻ ክገብር እዩ።

እቲ ኣተርጓሚ ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣሎዎ። እዚ ማለት ኣተርጓሚ ንስኻ ዝተዛረብካዮ ንካልእ ሰብ ክነግር ኣይፍቀደሉን እዩ።



**Representant (ወኪል)**
ወለድኻ ኣብ ኖርወይ ስለዘየለዉ፡ ወኪልካ representant ክሕግዘካ እዩ። ወኪልካ ንዓኻን ንመሰላትካን እዩ ዝሰርሕ። እቲ ወኪል ንፖሊስ ወይ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻኢ(ዩዲኣይ) ኣይኮነን ዝሰርሕ።



እቲ ናትካ representant ወኪል ውን ሚስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣሎዎ።

**ናይ omsorgssenter መእለዩ-ማእከል ሰራሕተኛ**
ፖሊስ ምሳኻ ዘለዎም ዘረባ ምስ ወድኡ፡ ናብ omsorgssenter መእለዩ ማእከል ክትከይድ ኢኻ። ኣብኡ ንዓኻ ዝከናኸኑን ጽቡቑ ከምዘለኻ ዝሕልዉን ዓበይቲ ሰባት ኣሎዉ። ንገለ እዋን ኣብኡ ክትነብር ኢኻ።

እቶም ሰራሕተኛታት ናይ omsorgssenter መእለዩ ማእከል ሰራሕተኛታት ፖሊስ ወይ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት (UDI) ኣይኮኑን።. ንሳቶም እውን ሚስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣሎዎም።





# ሎሚ እንታይ እዩ ክግበር?

- እንዳ ፖሊስ ኣመና ነዊሕ ክጽበ ተገዲደ፡፡. ጠምየን ደኺመን ድማ ኔረ፡፡
- ጥሜት ወይ ድኻም እንተደኣ ተሰሚዑካ ስእላዊ ካርድታት ብምጥቃም ንፖሊስ እንታይ ከምዘድልየካ ከትገልጸሎም ትኽእል ኢኻ፡፡

ኣብዚ እንዳ ፖሊስ ንብዙሕ ሰዓታት ክትጸንሕ ኢኻ፡፡

መጀመርያ ወኪልካን representant ኣተርጓምን ክሳዕ ዝመጹ ክትጽበይ ኣለካ።. ሓንሳብ ሓንሳብ ሓጺር ግዜ ክወስድ ይኽእል፡ ሓንሳብ ሓንሳብ ከኣ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል። ንሳቶም ምስ መጹ ሎሚ መዓልቲ ቀጺሉ እንታይ ክግበር ከምዝኾነ ክገልጹልካ እዮም።

ኣብ እትጽበየሉ እዋን ዝብላዕን ዝስተን ክወሃበካ ይኽእል እዩ። ዘድልየካ እንተኾይኑ ከተዕርፍ ውን ትኽእል ኢኻ።

ወኪልካን representant  ኣተርጓምን ምስ መጹ፡ ገለ ካብ ፖሊስ ዝቐርቡልካ ሕቶታት ክትምልስ ኢኻ።ገለ ወረቓቕቲ ኮላይ ክትመልኡ ኢኹም።.



– ፖሊስ ኣብ ቦርሳኻን ጁባኻን እንታይ ሒዝካ ከምዝመጻእካ ንምቁጽጻር ክፍትሹኻ እዮም።
– ፖሊስ ተለፎንካ ክሕዙዋ ውን ልሙድ ተርእዮ እዩ።

ፖሊስን ወኪልካን representant ስለምንታይ ፖሊስ ተሌፎንካ ከምዝሕዙዋን መዓስ ከምዝመልሱልካን ክነግሩኻ እዮም።.





– ኣገደስቲ ቁጽርታት ተሌፎን ኣብዚ ጽሒፍካ ክትሕዞም ትኽእል ኢኻ፡
– ናብ ስድራቤትካ ወይ ናብ እትፈልጦም ካልኦት ሰባት ክትድውል እንተደሊኻ ናይ መእለዩ ማእከል omsorgssenter ተሌፎን ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።.

**ምስ ስድራቤትካ ክትራኸብ መሰልካ እዩ።.**

# ምስ ፖሊስ ተዘራሪበ ምስ ወዳእኩኸ እንታይ እዩ ዝግበር?

ፖሊስ ምሳኻ ዘረብኦም ምስ ወድኡ ናብቲ መእለዩ ማእከል om-sorgssenter ብመኪና ክትከይድ ኢኻ። ሓንሳብ ሓንሳብ ፖሊስ እዮም ዝዝውሩኻ፣ ሓንሳብ ሓንሳብ ድማ ሰራሕተኛታት ናይቲ መእለዩ ማእከል እዮም መጺኦም ዝወስዱኻ።



ኣብ ዝቐጽል ግዜ ኣብ omsorgssenter መእለዪ ማእከል ክትነብር ኢኻ። እቶም ኣብዚ ዝሰርሑ ዓበይቲ ሰባት ክከናኸኑኻ እዮም፡ ንስኻ ከኣ ምስ ከማኻ ካብ ሃገሮም ካብ ወለዶም ተፈልዮም ናብ ኖርወይ ዝመጹ ህጻናት ክትቅመጥ ኢኻ።.

– ኣነ ናብ omsorgssenter መእለዪ ማእከል ምስ መጻእኩ ምስ ሶፍያ ተፋሊጠ።. ቋንቋይ ዝዛረብ ካልእ ሰብ ምርካበይ ሕጉስ እየ።.
– ንስኻ ውን መሳቱኻ ክትረክብ ኢኻ።

ዓራት ዘለዎ ናይ በይንኻ መደቀሲ ክፍሊ ክወሃበካ እዩ።. መግቢ፡ዝስተ፡ መሕጸቢ ነፍስን ጽሩይ ክዳውንትን ክህቡኻ እዮም፡





ኣብ ሓጺር እዋን ትምህርቲ ክትጅምር ኢኻ።. እቶም ኣብ omsorgssenter ዘለዉ ዓበይቲ ሰባት ትምህርቲ ንምጅማር ድሉው ክትከውን ክሕግዙኻ እዮም።.

**ትምህርቲ ክትመሃር መሰል ኣለካ።.**



- ኣብ መእለዪ ማእከል omsorgssenter, ክትቅመጥ እንከሎኻ ከም ኲዕሶ እግሪ፣ ትልሂት ወይድማ ምሕንባስ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ክትገብር ትኽእል ኢኻ።.
- እንታይ ኢኻ ክትገብር ትደሊ?

**ክተዕርፍ፡ትርፊ ግዜ ክህልወካን ክትጻወትን መሰልካ እዩ።**



ኣብቲ መእለዪ ማእከል omsorgssenter ብዙሓት ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሰራሕተኛታት ኣለዉ፡ ደቕ-ኣንስትዮን ደቕ-ተባዕትዮን እዮም።. ኩላቶም ንስኻ ክጥዕመካ እዩ ድሌቶም።

እቶም ኣብ omsorgssenter  መእለዪ ማእከል ዝርከቡ ዓበይቲ ሰባት ናይ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት (UDI) ወይ ድማ ናይ ፖሊስ ሰራሕተኛታት ኣይኮኑን፡ ስለዚ ናይ ዑቕባ ጉዳይካ ዝውስኑዎ ንሶም ኣይኮኑን።. ንስኻ ኣብቲ omsorgssenter መእለዪ ማእከል ኣብ ዝትቐመጠሉ እዋን ጽቡቕ ከምትህሉ ምግባር እዩ  ናቶም ስራሕ።.



- ናብቲ omsorgssenter መእለዩ ማእከል ብመኪና ክትበጽሕ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ።
- እቲ መጺኡ ዝወስደካ ዓቢ ሰብ እንታይ የድልየካ ከምዘሎ ንኽትነግሮ እቶም ስእላዊ ካርድታት ክትጥቀመሎም ትኽእል ኢኻ።



ኣብታ መኪና ናይቲ እትነብረሉ መእለዪ ማእከል omsorgssenter ስእልታት ክትርኢ ትኽእል ኢኻ።.

- ኩልና ኣብ omsorgssenter መእለዪ ማእከል ንሰርሕ ሰባት ንዓኻ ክንሕግዝ ኢና ኣብዚ ዘለና፡ ምሳኻ ክንላለይ ከኣ ብሃንቀውታ ንጽበይ ኣለና።.

Bufetat